ትካላትን ትካላዊነትን ትግራይ ንምፍራስ ዝግበር ቀይዲ በተኽ ወፍሪ ብህፁፅ ጠጠው ይበል!!

ንባዕሉ ከም ህዝቢ፣ ውድብን ስርዓትን ገይሩ ዝርኢ ዘይሕጋዊ ጉጅለ ደብረፅዮን ሃፍትን ቢሮክራስን ትግራይ ተቖፃፂሩ ትግራይን ህዝባን ናይቲ ጉጅለን ተለኣኣኽቱን ንብረት ገይሩ በዘይሰኽፈት ዝብዝብዝ ፀረ ሓደነትን ምዕሩይነትን እዩ።

ብቃልስን መስዋእትን ህዝቢ ትግራይ ዝተጠረያ ትካላት ምፍራስን ትግራይ ትካል ኣልቦ ንምግባርን እናሰርሐ ዝመፅአ እንትኾን ካብ ዝሓለፈ ዓመት ንነዝ ድማ ብዝኸፈአ መንገዱ ኣጠናኺሩ ይቕፅል ኣሎ።

እዚ ጉጅለ ቦርድ ማሕበር ልምዓት ትግራይ (TDA) ብናይ ባዕሉ ሕንቁቓት ካድረታት ንምምላእ ዝገበሮ ዝተዋደደ ፈተነ ካብ ጉባኤተኛታት ሰፊሕን ዓሚቕን ተቓውሞ ገጢምዎ ኣሎ። ብዙሓት ጉባኤተኛታት እውን ናይ ሓደ ዓሌታዊ ጉጅለ ህረፍ ንምምላእ ኣይንሳተፍን ብምባል ራሕሪሖም ወፂኦም ኣለው ።

ውድብ ህወሓት ብምፍራስ ዝጀመረ ጉጅለ ደብረፅዮን ትእምት ክቆፃፀር ብዘይሕጋዊ መንገዲ ተንቀሳቒሱን ይንቀሳቐስን ኣሎ። ካብዚ ብምቕፃል ንጊዚያዊ ምምሕዳር ትግራይ ንምፍራስ ምስ ንባዕሉ "ልዕሊ ኮር" ኢሉ ዝፅውዕ ዘይሕጋዊ እኽብካብ ተሻሪኹ ብዝፈፀሞ ዕልዋ መንግስቲ ግዝያዊ ምምሕዳር ብዕልዋ ሰጉጉ ንታሪኽ ህዝቢ ትግራይ ዘይምጥን ነውሪ ፈፂሙ እዩ።

እዚ ነውራም ፍፃመ ብላዕለዎት ኣዘዝቲ ሰራዊት ትግራይ ዝተወልዐን ዝተዋደደን ብምዃኑ ሰራዊት ትግራይ ኣይተቐበሎን፣ ነዚ ብምቅዋም እውን ብስፍሓት ይብተን ኣሎ። በዚ ኣቢሉ ሰራዊት ትግራይ እውን ክብተንን ክፈርስን ይገብር ኣሎ።

እዚ ዓሌታዊ ጉጅለ ካብ ትካላት ሓሊፉ ኣብ ልዕሊ ህዝብና ብሓፈሻ ኣብ ልዕሊ ደለይቲ ለውጢ መናእሰይ ከዓ ብፍላይ ከቢድ ጨፍጫፍ፣ ማእሰርትን መጭወይትን ኣጠናኺሩ ስለዝቐፀለ ብርክት ዝበለ መንእሰይ ትግራይ ፋሕ ብትን ኢሉ እግሩ ናብ ዘምርሖ ይብተን ኣሎ። ዝተረፈ መንእሰይ ከዓ
ኣንፃር እዚ ጉጅለን መላፍንቱን ይቃለስ ኣሎ።

ሎሚ ድማ ማሕበር ልምዓት ትግራይ (TDA) ንከፍርስ ኣብ ጫፍ በፂሑ ይርከብ ። እዚ በዘይካ ስልጣኑን ጉጅላዊ ረብሓኡን ስለ ህዝቢ ጥር ትብል ተገዳሰነት ዘይብሉ ጉጅለ ኩሉ ናይ ገንዘብ ምንጪ ዝባሃል ትካል፣ ናይ ከተማ መሬት፣ ትካላት ንግዲ፣ ማእድን፣ ወይ ካልእ ዕድል ፀንቂቑ ክቆፃፀርን ሕሉፍ ገበናቱ ዘቃልዕ መረዳእታ መሊኡ ከጥፍእን ድቃስ ሲኢኑ ኣሎ። እዚ ጉጅለ ብተሓባባራይነት ሓዲስ ፕሬዚደንት ግዝያዊ ምምሕዳር ትግራይ ሌ/ጀ/ታደሰ ወረደ ኩለን ይሕለባ እየን ዝበለን ቢሮታትን ትካላት ( ማለት ቢሮ ማዕድን፣ መሬት፣ ከተማ ልምዓት ፣ ማይ ሃፍቲ፣ እቶት ፣ ፋይናንስ ወዘተ) ተቖፃፂሩ ኣሎ ።

ማልት ንምቁፅፃር ከቢድ ርብርብ ዝገብረሉ ዘሎ ምኽንያት እውን በቲ ሓደ መዳይ ሃፍቲ ህዝቢ ንምቁፅፃር እንትኸውን በቲ ካልእ መልከዑ ከዓ ብማልት ኣቢሉ ንመኸተ ዝተኣከበ ገንዘብ ፣ ካብ ውሽጢ ዓዲ እናተኣከበ ናብ ማልት ዝኣተወ ወርቅን ጨርቅን ዝምልከት መረዳእታ ንምጥፍፋእ እዩ። በዚ ኣቢሉ ገበኑ ንምሕባእ እውን እዩ።

ብሌ/ጀ ታደሰ ወረደ ዝምራሕ ጊዚያዊ ምምሕዳር ትግራይ ንህዝብናን ትካላትናን ግቡእ ሓለዋ ኣብ ክንዲ ዝገብር ነዚ ዓፍጣጣይ ጉጅለ ኣሕሊፉ ሂብዎም ኣሎ ።

ብጌታቸው ረዳ ዝምራሕ ጊዚያዊ ምምሕዳር ተዓፂዩን መፈናፈኒ ስኢኑን ዝፀንሐ ጉጅለ ደብረፅዮን፣ ሌ/ጀ ታደሰ ወረደ ከፊቱ ስለዝሃቦ እነሆ ኣብ ትግራይ ኩሉ ዓይነት ነውሪ ይፍፀም ኣሎ።

ኣብ ውሽጥን ኣብ ደገን ዝርከብ ህዝቢ ትግራይ ትካላትካ ንምሕላው ኣንፃር እዚ ፀረ ትካልን ትካላዊነትን ዝኾነ ጉጅለ ተለዓል። እቶም ማልት ከይትፈርስ ኢሎም ኣብ ጉባኤ ማልት ኣቲዮም ዝረባረቡ ዘለውን እቲ ሓበሬታ ናብ ኩሉ ህዝቢ ትግራይ ንክበፅሕ ብሚድያ ዝረባረቡ ዘለውን ግዱሳት ተጋሩ ልዑል ሞሳ ይግብኦም። ማልት፣ ማረት፣ ትእምት፣ ጊዚያዊ ምምሕዳርን ኩለን ከባቢያዊ ነፃ ማሕበራትን ናይ ተጋሩ መሰልን ነፃነትን መሐለውቲ ትካላት እምበር መዐንደሪ ሓደ ጉጅለን መላፍንቱን ክኾና ክንፈቅድ የብልናን።

ህዝቢ ትግራይ ብሓፈሻ መናእሰይን ምሁራትን ድማ ብፍላይ ዝጀመርዎ ሰላማዊ ፖለቲካዊ ቃልሲ ብዝተወደበ መንገዲ ብምትሕብባርን ብምምራሕን ትግራይ ናብ ዝለዓለ ዴሞክራሲያዊ ስርዓት ንምስግጋር ብጌታቸው ረዳ ዝምራሕ ህወሓት ንባዕሉ ናብ ፓርትነት ዘሰጋግርዎ መስርሓት እናዛዘመ ኣብ ናይ መወዳእታ ብርኪ በፂሑ ይርከብ። ምስ ፀረ ምልክን ፀረ ዓፈናን ዝኾኑ ውድባት ትግራይ ብምትሕብባር ቃልሱ ኣሐይሉ ክምዝቕፅል እውን በዚ ኣጋጣሚ ንመላእ ህዝብናን ደገፍቲ ቃልሲ ህዝቢ ትግራይን ክነበስር ንፈቱ።

ጉጅለ ደብረፅዮንን ዋርድያታቱን ከዓ ዘይዛሪ ጉድኩምን ጥፍኣትኩምን ማሕበረሰብ ዓለም ብፀሓይ ቀትሪ ይዕዘበኩም ኣሎ። ፀረ ሰላም፣ ልምዓትን ራህዋን ትግራይን ህዝባን ምዃንኩም ፈታውን ፀላእን ብቕሉዕ ይከታተለኩም ኣሎ። ኣብ ውሽጥን ኣብ ደገን ዘሎ ህዝብና ብሓፈሻ ደላይ ለውጢ ዝኾነ መንእሰይ፣ ምሁር፣ በዓል ሃፍትን ዲያስፖራን ትግራይ ድማ ብፍላይ ኣንፃር እዚ ዓሌታዊ ጉጅለን ዋርድያታቱን ሆ ኢሉ ክለዓል በዚ ኣጋጣሚ ፃውዕትና ነቕርብ። ዝምልከተኩም ተቖፃፀርቲ ሲቪክ ማሕበራት እውን ኣብ ልዕሊ ማልት ዝገበር ዘሎ ቀይዲ በተኸ መንገዲ ብዝግባእ ተረዲእኹም ብእዋኑ ሕጋዊ ስጉምቲ ብምውሳድ ማልት ኣብ ምድሓን ሓላፍነትኩም ክትዋፅኡ ይግባእ።

ፕሬዚደንት ግዝያዊ ምምሕዳር ትግራይ ሌ/ጀ/ ታደሰ ወረደ እውን ብተመሳሳሊ እዚ ዘይሕጋዊ ጉጅለ ኣብ ልዕሊ ትካላት ትግራይ ዝገብሮ ዘሎ ዓፍጣጣይ ኣካይዳ ጠጠው ከብልዎን ሃለዋትን ድሕንነትን ትካላትና ክሕልዉን ኣጥብቕና ንሓቲት።

ዘለኣኣለማዊ ዝኽሪ ንሰማእታትና!!

ማእኸላይ ኮሚቴ ህወሓት
19 ሚያዝያ 2017